

ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.140 | ሰሉስ 11 ለካቲት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጋስትሮፓረሲስ እንታይ እዩ?



ገጽ 3
ወግዓዊ ጽምብል ሰርሒት . . .


ገጽ 4
ስእላዊ ዓምዲ


ገጽ 5
ሰርሒት ፈንቅል


ገጽ 7
ገጀረትን ደቡብን ናብ ዝቕጽል ግጥሚት ሓሊፈን


# ዓንሰባ - ሞት ኣደን ዕሽልን ከምዘንቈልቈለ ተሓቢሩ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ብ4ን 5ን ለካቲት ኣብ ከረን ኣብ ዘቃነየ ገምጋም፡ ከም ውጽኢት ዝተዓየ ገጠሪ ዝሰፋሕ ተጠቃምነት ትካላት ጥዕናን መጸበዪ ነፍሰ ጾራትን ብምዕባዩ፡ ሞት ኣደን ዕሽልን ኣብ እዋን ጥንሲን ሕርስን ከምዝነከይ ገልቈለ ሓቢሩ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ቁጽሪ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓረሳ ኣደታት ካብ 68 ሚእታዊት ናብ 73 ሚእታዊት ክበ ኢሉ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ዶ/ር ሄኖክ ጸጋዬ፡ ምዕሩይ ዝርግሐ ዘለዎ፡ ሰፊሕን ወጽኢታውን ቀረብ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኩሉ ንምብጻሕ፡ በብእዋኑ - ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ፡ መድሃኒትን ዘመናዊ መሳርሒታትን ብምትእትታው ብዘለዓለ ደስራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ መጠን ሕወየት ሕማም 'ቲቢ' ካብ 82 ሚእታዊት ናብ 93 ሚእታዊት ከምዝበረኸ፡ መጠን ሓደሽ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ድማ ናብ 0.02 ሚእታዊት ከምዝወረደ ገሊጹ።

ንጥፈታት ክፍሊ ሕክምና ዓይኒ ሆስፒታል ከረን ብዝምልከት፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ንኣሽቱ ስራሕ ከምዘካየደ ... ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዘሎ ሰራሕ ኣገልግሎት፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሃብሮን ከረንን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምክያድ ን429 ዜጋታት መጥባሕቲ ሓባላ ዓይኒ ክገብር ከሎ፡ ምስ ጉዳለ ሓካይም ኣልበሶር ብምትሕብባር ድማ ን3848 መጥባሕቲ ሓባላ ከምእተኻየደ በሪሁ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ተበጺሑ ዘሎ ገስጋስ ወጽኢት ሓያል ስራሕን ወሀደትን ስለዝኾነ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ ብምልባው፡ ራሕቒ ቦታን ብዙሒ ተገልገልትን ዘለወን ትካላት ጥዕና ዝዓብያሉ ኩነታት ክፍጠር፣ ከም ዝመርሖ ከብቢያዊ ጥዕና ንምውሓስ ድማ ኩሉ ዝምልከቶ እጃሙ ከበርክት ኣዘኻኺሩ።

ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ድማ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ ድልዱል ባይታ ዘንጽፍ ብምዃኑ፡ ንኹሎም ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣመስጊና።



# ነበርቲ ከተማ ባጽዕ፡ ንዝኽሪ ሰርሒት ፈንቅል ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ጸምቢሎሞ

ነበርቲ ሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ባጽዕ ሰንበት 9 ለካቲት ኮማዊ ዳሳት ብምትካልን ኣጋይሾም ብምእንጋድን ንመበል 35 ዓመት ዝኽሪ ሰርሒት ፈንቅል ብልዑል ሓበን ጸምቢሎሞ።


ሰኣሊ ደምሳስ ጸጋይ

ኣሪና ዝተወከሰዮም ነበርቲ፡ ሰርሒት ፈንቅል - መኽተምታ ዕምሪ መግዛእቲ ዘበሰረን በሪ መላእ ሓርነት ዝርሓወን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ህዝቢ ኤርትራ ዘስተማቕሮ ዘሎ ሰላምን ርግኣትን ድምር ወጽኢት ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዝተኻየደ ግጥማትን ዝተኸፍለ ዋጋን'ኳ እንተዝኾነ፡ ሰርሒት ፈንቅል ኣብ ልቢ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ፍሉይ ቦታን ልዑል ክብርን ዘለዎ፡ ከምኡ'ውን ረዚን ሓላፍነት ዘሰክም ምዃኑ ሓቢሮም።

እዚ እዋን'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ኣደህቦኦም ኣብ ጉዕዞ ልምዓትን ህንጻትን ብምግባር ዝምርሹሉ ዘለዉ ብምዃኑ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጸምብል ፍሉይነት ከምዘለዎ ዝጠቐሱ'የም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ኣብ መጻኢ ብዓይነትን ትሕዝቶን ከምዝሰፍሕን መመሊሱ ከምዝምዕርግን ጸኒዕ እምነቶም ገሊጾም።

ጸምብል መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ሰርሒት ፈንቅል፡ "ፈንቅል - ቅኑዕ ሕርያ" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 7 ክሳብ 9 ለካቲት፡ ብስፖርታዊ፡ ባህላውን ስነጥበባውን፡ ከምኡ'ውን ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ምስትምቓር ጸጋታት፡ ሰልፊ ጆላቡን መራኽብን፡ ከምኡ'ውን ካልእ ማሰናድኣታት ደሚቑ ቀጺሉ።

# ጋሽ-ባርካ - ኣብ ደብሪ ዝተዋደደ ፕሮጀክት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ተመሪቑ

ኣብ ደብሪ - ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ብምትሕብባር ህዝቢ፡ ምምሕዳርን ክፍሊ ሰራዊትን 31ን ዝተዋደደን ኣስታት 3.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝወድኣን ሓደሽ ፕሮጀክት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ብ3 ለካቲት ተመሪቑ።

ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነስርዓት፡ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ደብሪ - ዓዲ ሓንስ ኣቶ እዮብ ተኽለማርያም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ፕሮጀክት - ምስራሕ 250 ሬስቶ ዝሕዝ ገንኢ፡ ምዝርጋሕ 4.7 ኪሎ-ሜተር ዝንውሓቱ ሻምብቆታት፡ ምውዳድ ጸሓያዊ ጸዓትን ምህናጽ 4 ነቑጣታትን ከምዝጠቓልል ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወገኑ፡ ንዝተኻየደ ወሀድ ስራሕ ብምምጋስ፡ እቲ ፕሮጀክት ንዝነውሐ ግዜ ንኽገልግል፡ ነበርቲ ውሕሉል ኣገባብ ኣጠቓቕማ ክዘውትሩ ተላቢዩ።


ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዳይረክተር ጨንፈር ልምዓት ቀረብ ማይ ኣቶ ምስየና ጉብረስላሰ ብወገኑ፡ ቀረብ ማይ ንምውሓስን ዝርግሐኡ ንምስፋሕን ብደረጃ ሃገር ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ንተራን ኣበርክቶን ነበርቲ ደብሪ ኣመስጊኑ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ፕሮጀክት ኣብ ርእሲ'ቲ ንዝጸንሐ ጸገም ዝስተ ጽሩይ ማይ ምፍትሑ፡ ብጉድለት ጽሬት ማይ ዝስዕብ ዝነበረ ጥዕናዊ ጸገማት ኣብ ምውጋድ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ብምግላጽ፡ ኣባላት ክፍሊ-ሰራዊት 31ን ምምሕዳርን ንዝገበርዎ ልዑል ኣስተዋጽኦ መጉሶም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት መንግስቲ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

ደብሪ ካብ መቐርካ ንሸነኽ ምብራቕ 3 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ኰይና፡ ኣስታት 1200 ነበርቲ ኣለዉዋ።

## ተጋዳላይ ሚኪኤል ነጋሲ (ወዲ ምን) ተሰዊኡ



ጉዳም ተጋዳላይ ሚከኤል ነጋሲ ጉብረማርያም (ወዲ ምን)፡ ብ7 ለካቲት ኣብ መበል 71 ዓመት ዕድሚኡ ብሃንደበታዊ ሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሚከኤል፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ክሳብ ምኽትል ስታፍ ኢምዳድ ክፍሊሰራዊት፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ሚከኤል ነጋሲ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቅን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ8 ለካቲት ሰዓት 4፡00 ድሕሪቐትሪ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ተሰነይ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመሰዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ ሚከኤል ነጋሲ ጉብረማርያም (ወዲ ምን) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብ" ይብል።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ‘ጋስትሮፓረሲስ’ እንታይ እዩ?

ዝበላዕናዮ መግቢ፡ ኣብ ከስዐ ዝጸንሓሉ እዋን ብገምጋም ካብ 40 ደቓይቕ ክሳብ ክልተ ሰዓት እዩ። ድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ንውሓት ግዜ ምሉእ ብምሉእ ሓቒቑ ናብ ቀጢን መዓንጣ እዩ ዝሓልፍ። ኣብዚ ከስዐና ጉዱሉ/ ባዶ ኮይኑ ጥሜት ክስመዓና ግድን ይኸውን። እቲ መግቢ ካብዚ ዝተጠቕሰ ንውሓት ግዜ ንላዕሊ ኣብ ከስዐ ምስ ዝጸንሕ ግና፡ እቲ ጸገም ለምሲ ከስዐ፡ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ድማ ‘ጋስትሮፓረሲስ’ (gastroparesis) ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ።

‘ጋስትሮፓረሲስ’ ብዙሕ ግዜ ኣብ ከስዐ ዘለዉ ጭዋዳታት ብዝዮገእ ክፀዱ ምስ ዘይክእሉ እዩ ዚጋጥም። እዚ ድማ መግቢ ከይሓቐቐ ካብ ንቡር ግዜ ንላዕሊ ስለ ዝጸንሕ፡ ኣብ ከስዐ መንፋሕትን ካልእ ሓልኪታትን ይፍጠር።


ቀንዲ ጠንቂ ‘ጋስትሮፓረሲስ’ ብንጹር ዝፍለጥ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ከስዐ ዝርከብ ‘ቫገስ’ (vagus) ኣብ ዝተባህለ መትኒ ዝኾነ መጉዳእቲ ምስ ዘጋጥሞ እቲ ጸገም ክገሃድ ከም ዝኽእል ይንገር።

መትኒ ‘ቫገስ’ ንጭዋዳታት ከስዐ እዩ ዝቆጻጸር። ብሰንኪ ሕማም ሽኮር፡ ኣብ ደም ዝህሉ ልዑል መጠን ግሉኮዝ ንመትኒ ‘ቫገስ’ ናይ ምዕናው ዓቕሚ ኣለዎ። መብዛሕትኦም ‘ጋስትሮፓረሲስ’ ዘለዎም ሰባት'ውን ግዳያት ሕማም ሽኮር እዮም። ስለዚ፡ ሕማም ሽኮር ሓደ ካብ ጠንቂ ‘ጋስትሮፓረሲስ’ ምዃኑ እዩ ዝንገር።

ኣብ ከስዐ ዝግበር መብጥሕቲ'ውን ኣብ ልዕሊ መትኒ ‘ቫገስ’ መጉዳእቲ ናይ ምውራድ ተኽእሎ ኣለዎ።

ምልክታት ‘ጋስትሮፓረሲስ’

ለምሲ ከስዐ ማለት ‘ጋስትሮፓረሲስ’ ዘጋጠሞ ሰብ፡




- ምቅጻል ኣፍ-ልቢ. - መግቢ ዘሕቅቕ ኣሲድ ካብ ከስዐ ናብ ሻሕለለ ብምድያቡ ዝስዕብ ምልክት።
- ምርባሽ ወይ ጸቡቕ ስምዒት ዘይምህላው ኣብ ከስዐ።
- ብዕቡእ ዘይሓቐቑ መግቢ ኣብ ቀልቀል ምርኣይ።
- ብፍላይ ምስ ምምጋብ ዝርአ ተደጋጋሚ ዕግርግርን ተምላስን ኣብ ከስዐ።
- መግቢ ኣብ እትቕረበሉ እዋን፡ ብዙሕ ከይበላዕካ ቀልጢፍካ ምጽጋብ።
- ኣካላትካ እኹል መኣዛ ይረክብ ብዘይምህላዉ፡ ድኻምን ምጉዳል ሚዛን ሰብነትን ምርኣይ።
- መግቢ ቀልጢፉ ሓቒቑ ካብ ከስዐ ብዘይ ምውጽኡ፡ ቁጻሊ መንፋሕቲ ኩቡዲ ምህላው።
- ምዕጻው ሽውሃት።
- ኣብ ደም ናይ ዝህሉ ዓቐን ሽኮር ክትቆጻጸሮ ዘይምኽኣል።
- ተደጋጋሚ ቃንዛ ከስዐ ምስትብሃል ወዘተ ዝኣመሰሉ ምልክታት የርኢ።

ገለ ለምሲ ከስዐ ዘለዎም ሰባት ዝኾነ ምልክት ኣየርእዩን እዮም።

ምስ ለምሲ ከስዐ ዝመጽእ ቃንዛ

### ከመይ እዩ ዝመስል?

ብሰንኪ ለምሲ ከስዐ ቃንዛ ምስ ዝህልወካ፡ እቲ ቃንዛ ኣብ መንጎ ከስዐን መዓንጣን ኣብ ዘሎ ላዕለዋይ ሸነኽ ኩቡዲ እዩ ዝርአ። እቲ ቃንዛ መሪርን ፍኹስ ዝበለን'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ጠንቂ

ለምሲ ከስዐ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ንደቂ ኣንስትዮ ከም ዝጸሉ መጽናዕትታት የረጋግጹ። እዚ ጸገም'ዚ ብዙሕ ጠንቅታት እኳ እንተለዎ፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ዝጸንሓካ ጥዕናዊ ጸገማትን ስርዓት ኣመጋግባን ዝተኣሳሰር እዩ።

### ለምሲ ከስዐ ካብ ሕማም ሽኮር

ሕማም ሽኮር እቲ ልሙድ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ለምሲ ከስዐ እዩ። ሕማም ሽኮር፡ ኣብ ከስዐ ንዘካየድ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ንዘቆጻጽሩ ኣገደስቲ መትንታት፡ ከም መትኒ ‘ቫገስ’ ከዕኑ ይኽእል። ሕማም ሽኮር ኣብ ከስዐ ዘለዉ ገለ ዋህዮታት'ውን ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ከም ዝኾኑ ይገብር።

ንለምሲ ከስዐ ተኣፈፍቲ መን እዮም?

ንለምሲ ከስዐ ክትቃላዕ ካብ ዝገብሩ ነገራት፡

- ብሰንኪ መብጥሕቲ ኣብ መትንታት ‘ቫገስ’ መጉዳእቲ ኪጋጥም ምኽኣል።
- ዋሕዲ ‘ታይሮይድ’ ዝተባህለ ሆርሞን ምህላው - (hypothyroidism)።
- ብኣፍ ዝኣተወ ረኽሲ ከስዐ - (gastroenteritis)።
- መድሃኒትን ዝተፈላለዩ ዓይነት ፍወሳን።
- ሕማም ፓርኪንሶን ወዘተ ክጥቀሱ ይኽኣሉ።

### ሓልኪታት ለምሲ ከስዐ



ለምሲ ከስዐ ዘለዎ ሰብ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ዝተቓልዐ እዩ ዝኸውን።

- መግቢ ብዕቡእ ከይሓቐቐ ኣብ ከስዐ ካብቲ ዝዋንበኦ ግዜ ምስ ዝጸንሕ፡ ስለ ዝበከዐ ባክተርያ ክራብሖ ምቹእ ባይታ ክፈጥር ይኽእል።
- ኣብ ከስዐ ዘሎ መግቢ ኣብ ግዜኡ ሓቒቑ ናብ ኣካላትና ምስ ዘይበጽሕ፡ ከቢድ ዝኾነ ድርቀት ሰብነት ኪጋጥመና ይኽእል።
- መግቢ ብዕቡእ ተዳቒቑ ናብ ቀጢን መዓንጣ ምስ ዘይሓልፍ፡ ኣብ መዓንጣ ተቐርቂሩ ምዕጋት ክፈጥር ስለ ዝኽእል ዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕበልና ይኽእል።
- ሰብነትና ካብ መግቢ ብዕቡእ መኣዛታት ክረክብ ምስ ዘይክእል፡ ብስእነት መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣካላትና ክምህምን ይኽእል።
- እቲ መግቢ ኣብ መውዳእትኡ ካብ ከስዐ ወጺኡ ናብ መዓንጣ ምስ ዝኣቱ ሃንደበታዊ ምውሳኽ መጠን ሽኮር ኣብ ደም ክለዓል ይኽእል። በዚ እዩ ድማ ለምሲ ከስዐ ዘለዎ ሰብ ኣብ ደሙ ዘሎ መጠን ደም ክቆጻጸር ዘይክእል።

ለምሲ ከስዐ ንኹሉ ኩነታት ጥዕናና እዩ ዝጸልእ። እቲ ምልክታቱ ድማ ዕለታዊ ንጥፈታትና ኣብ ምኪያድ ከቢድ ዕንቅፋት እዩ ዝፈጥረልና።

### ፍወሳ

ብመሰረት ጠንቁ፡ ለምሲ ከስዐ ሕዱር ሕማም ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ንምቁጽጻሩን ምፍዋሱን ግቡእ ቆላሕታ ክንገብረሉ ይግባእ።

ለውጢ ኣብ ኣመጋግባ

ሓደ ካብቲ ለምሲ ከስዐ ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ኣገባብ ፍወሳ ኣብ ልምዳዊ ስርዓት ኣመጋግባኻ ለውጢ ምግባር እዩ። ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ናይ መግቢ ሰዓታት መዲብካ ብዙሕ ካብ ምምጋብ፡ ንቶም መግብታት መቓቒልካ፡ ኣብ ሽዱሽተ ናይ መግቢ ሰዓታት ውሑድ መግቢ ክትምገብ ፈትን። እዚ ኣገባብ፡ ኣብ ናይ መግቢ ሰዓት ኣብ ከስዐ ብዙሕ መግቢ ንኸኣቱ ዕድል ዝሁብ ኣይኮነን።

ትወስዶ መግቢ መብዛሕትኡ ፈሳሲ ክኸውን ይምረጽ። እዚ ማለት እቲ መግቢ ዝግ ዝበለ ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ ቀልጢፉ ናብ መዓንጣ ስለ ዘይለኣኽ፡ ኣብ ከስዐ ተኣኪቡ ደረቕ ሳብስታንስ ክፈጥር ይኽእል። ለምሲ ከስዐ ዘለካ ምስ እትኸውን፡ ትወስዶ ዓይነት ፍረታት ኣብ ክንዲ ብጥረኡ፡ ብዕቡእ ተጸሚቑ ብመልክዕ ፈሳሲ ክትወስዶ ይምረጽ።

ብዝበዝሐ ማይ ምስታይ። መግብታት ድማ ብመልክዕ መረቕን ጸማቑን ክትወስዶም ምፍታን። ስብሒ ዘለዎም መግብታት ካብ ምምጋብ ምቑጣብ፡ ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ብዝበዝሐ ክትወስድ'ውን የብልካን። ጽሕጊ ብስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ብቐሊሉ ኣይሓቅቕን እዩ።

ኣብ ኣመጋግባኻ እቲ ዝዋገእ መኣዛ ትረክብ ምህላውካ'ውን ምርግጋጽ። ምስ ሓኪም ብምምኻር ክትወስዶ ናይ ዝግባኣካ መኣዛን ዓቕሙን ግቡእ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ድሕሪ ምምጋብካ ንልዕሊ ክልተ ሰዓት ከይጸናሕካ ክትድቅስ የብልካን።

### ክትወስዶም ዘይግባኣካ ዓይነት መግብታት

‘ጋስትሮፓረሲስ’ ዘለዎ ሰብ ኣብ መጋግብኡ ጥንቁቕ ክኸውን እዩ ዘለዎ። ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ልዑል ጽሕጊ፡ ስብሒ፡ ጨው ወይ ሽኮር ዘለዎ መግቢ ክወስድ የብሉን።

- ብሮኮሊ
- ፔረ (ዓይነት ፍረ)፡
- ካውሎ ፍዮሪ፡
- ቱፋሕ፡
- ካሮት፡
- ኣራንሺ፡
- ዝተቐልወ መግብታት፡
- ኣልኮላዊ መስተ፡

### ክትወስዶም እትምከር መግብታት

‘ጋስትሮፓረሲስ’ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ሓደ እዋን ትወስዶ መግቢ ውሑድ ዋላ ይኹን ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ክኸውን ግና ይግባእ። ነዚ ንምዕዋት ልዑል ፕሮቲንን ቫይታሚንን ግን ከኣ ብቐሊሉ ዝሓቅቑ መግብታት ምውሳድ የድልየና። ገለ ንምጥቃስ፦

- ድንሽ፡
- ማንጎ፡
- ብርጭቕ፡
- ኣናናስ፡
- ዙኪኒ፡
- ሩዝ፡
- ፓስታ፡
- ስብሒ ዘይብሉ ስጋ፡
- እንቋቑሖ፡

- ከም ሎብስተርን ሽሪምፕን ዝኣመሰሉ ዓይነት ዓሳ፡
- ጸማቑ ፍሩታታት ወዘተ።

ኣስተብህል!

- ክትምገብ እንከለኻ ህድእ ኢልካ መግቢ ብዝዮገእ ሓዊኽካን ኣድቂቕካን ክትውሕጦ ይግባእ።
- ተመጊብካ ምስ ወዳእካ ንኣስታት ክልተ ሰዓት ዝኣክል ቀጢዕካ ክትጸንሕ ይግባእ። ጉቦ ክትትከውን የብልካን ማለት እዩ።
- ድሕሪ ምምጋብካ ብእግሪ ምጉዓዝ፡
- ብዝበዝሐ ቪታሚን ዘለዎም መግብታት ምውሳድ።
- ብሰንኪ ‘ጋስትሮፓረሲስ’ ንዝስዕብ ድርቀት ሰብነት ንምክልኻል ብዝበዝሐ ማይ ክትሰቲ ድማ ተመሪጺ እዩ።

ምንጪ፦ health line

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ሪፖርታዥ

# ወግዓዊ ጽምብል ስርሒት ፈንቅል

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ወግዓዊ ጽምብል ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ቀዳም 8 ለካቲት ድሕሪ ቐትሩ፡ ብምዕሩግ ኣገባብ ተኻዪዱ። ብስሩዕ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ዝማመቐ መድብ ጽምብል ስርሒት ፈንቅል 2025፡ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝተኣንገደሉ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ካብ ውሽጥን ወጻእን ዝመጽኡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተሳተፍትን ተረኺቦም፡ ተኸታቲሎምዎ። እቲ ጽምብል፡ ሰዓት 4፡30 ድ.ቐ ብዝኽሪ ሰማእታት እዩ ጀሚሩ፡ ኣብ ባሕሪ ካብ ዝንሳፈፋ ዝነበራ ጃብያትን ናእሽቱን መራኽብ ውግእ ብዝትተኮስ ዝነበረ ሮቼታት እውን ማዕርጉ።





ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ መደብ፡ ሓላፊት ባህልን ስፖርትን ከምኡ'ውን ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር፡ ኑቲ ጽምብል ንምምዕራግ ንዝመጽኡ ተሳተፍቲ ምስጋናኣ ድሕሪ ምቕራብ፡ ንኣሰታት ሰለስተ ወርሒ ሰፊሕ ምድላዋት ዝተጉበረሉ፡ ንዓለምን ስርዓት ደርግን ዘሰንበደ መስተንክራዊ ስርሒት ፈንቅል፡ ሕድሪና ኣጸኒዕና መኹተና ኣሐይልናን ናብ ዝሓሸ ልምዓታዊ ጉዕዞ ኣብ እንምዕዝሉ ዘለና ደኣ ብምህላው፡ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ዝኽሪ ሓሳብ ኩሉ ኤርትራዊ ተኸሊዩ ዝነብር ሓወልቲ ኤርትራዊ ጅግንነት ከምዝኾነ ገሊጹ። ንሳ ኑቲ ጽብጻብ ንምምዕራግ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ምስትምቓር ጸጋታት ባሕሪ፡ ሰሚናራት፡ ታሪኽ ሓዚል ውድድራት፡ ምህዞን ሰንዳን፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ኤግዚብሽን ባህላዊ ምርኢት ኣብ ጎደናታት፡ ኮማዊ ዳሳትን ካልእ መደባትን ተዳልዮም፡ ንተሳተፍቲ ከምእተኣንገዱን ኑቲ ጽምብል ከምዘምዕርግዎን ሓቢራ።

ቀጺላ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ እያ ቃል ኣስሚዓ። ወ/ሮ ኣስመረት፡ ንኹሎም ዕዱማት ኣጋይሽ መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ምውዒቕ ሰላምታኣ ብምግላጽ፡ "ፈንቅል፡ ቅኑዕ ሕርያ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ሓቆኖን ገላጽን ቴማ ይጽምበል ከምዝሎ ገሊጹ። እቲ ቅድሚ 35 ዓመት ዝተፈጸመ ቅያ ህዝባዊ ግንባር፡ ንስትራተጂያዊት ወደብ ባጽዕ ኣብ ርእሲ ምቁጽጻር፡ ጎረሮ ጸላኢ ዝቘረጸ ተባዕን ኣገዳስን ውሳኔ መራሕነት ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ምንባሩ ሓቢራ። ስርሒት ፈንቅል፡ እኩብ ናይ ዝሓለፈ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ግጥማት ምኳኑ ጠቒሳ ኩሉ፡ ሓያልን ስሉጥን ውግእ ኣብ ጎላጉል ሰምሃር፡ ስትራተጂያዊት ወደብ ባጽዕን ከባቢኣን ምኽኣዱ፡ ብቑዕ ሕርያ ምንባሩ ዘመስከረን ንውሉድ ወለዶ ዘይርሳዕ ጅግንነት ኤርትራዊ ብረታዊ ቃልሲ ከምዝኾነን ገሊጻ።

ወ/ሮ ኣስመረት ኣስዒባ፡ ኩነታት ዓለምን ከባቢናን ቀልጢፉ ዝቕያየርን ጸላውን እናኾነ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ መድረኽ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራ-ባህላውን ኣቃውማና ክንጽሎ ተኽእሎ ስለ ዘሎ፡ ሕጂ'ውን ከም ዝሓለፉ መድረኻት መኹተን ቃልሲን ዕርፍና ኣጸኒዕና ሓብራዊ ስራሕ ንቐጽል ምዕባለ ኣሚትና ብዓጸፋ ክንሰጉም ኣለና ክትብል ኣዘኻኺራ። ብምቕጻል፡ ኣብ ዞባኣም፡ ብህዝቢ፡ ብሓይልታት ምክልኻልን ኩብንያታት ዓዲ-ሃሎን፡ ብርክት ዝበሉ ልምዓታዊ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምጽራግ ዝተደፍኑ ዒላታት፡ ምጽጋን ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ምስራሕን ምጽጋንን ራህያታትን ዲጋታትን፡ ጽርግያ ኣስመራ-ውሽጢ ባጽዕ ብቐጥራን ምልባጥ ዝበሉን ካልኦትን ከምእተኻየዱ ብኣብነት ኣሰንያ ገሊጻ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣዶቡሓ፡ ናቕፋን ቅሮራን፡ ንቐጻሊ ወለዶታት ታሪኽ ዘሰጋግርን ሕድሪ ዘጽንዕን ምጽጋን ታሪኻውያን ዕርድታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ብሓይልታት ምክልኻል ከምእተኻየደ ብምሕባር፡ ወ/ሮ ኣስመረት፡ ዝኽሪ መበል 35 ስርሒት ፈንቅል፡ ሕድሪ ኣጸኒዕና፡ ንልምዓትን ምዕባለን እንምርሸሉ ክኸውን ጸንዕ እምንቶኣ ገሊጻ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ብተለሃይቲ ጉጅለ ባህሊ ኣውሳን ተሰንዩ ብዓበይቲ ደምጻውያንን ጉጅለታት ባህልን ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቑን ረዚን መልእኽቲ ዘለዎምን ሃገራውያን ደርፍታት ብኩለን ብሄራት፡ ከምኡ'ውን ድራማን ግጥምን ኣብ ዝቐረበሉ፡ ብተዓዘብቲ ምውዒቕ ጣቕዒትን ዕልልታን እናተለገሰሉ፡ ንክልተ ሰዓታት ቀጺሉ። ኣብ መንጎ'ቲ ምርኢት፡ ብደቂ-ኣንስትዮ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ እናተወናጨፋ፡ ብርክት ዝበላ ዓበይትን ንእሽቱን መራኽብ ምርኢት ሰልፊ ውግእ ኣቕሪበን። ተሳተፍቲ ጽምብል ከኣ፡ ኑቲ ህዱእን ምቹእን ኩነታት ኣየር ባጽዕ እናተቛደሱ፡ ድሙቕ ጣቕዒትን ዕልልታን ለጊሶምለን። እቲ ጽምብል ከኣ፡ መለሱ ድምቀት ተወሲኽዎ ብውዕወዕ ሃገራዊ መንፈስ ቀጺሉ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ጽምብል ኮይኑ፡ ብሰንበትን ሰኑይን እውን፡ ሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ባጽዕ፡ ኮማዊ ዳሳት ብምድላው፡ ንህዝቢ ከተማ ባጽዕን ንተሳተፍቲ ናይ'ቲ ጽምብልን ናይ ቁርስን ምዝንጋዕን መደባት ሰሪዐን ኑቲ በዓል ከምዝደምቕ ገይረናአ እየን። ብነፍሲ-ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ንዝተሰላሰለ መደባት ልምዓትን መኹተን ዝገልጽ ጸብጻባት'ውን ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከባቢታት ርእሲ ምድርን ውሽጢ ባጽዕን፡ ብሰንበት ቀ.ቐ፡ ህዝቢ ዝጸዓና ፈጣናት ጀላቡ፡ ካብን ናብን እናተሓንበባ ምርኢት ኣዳልየን። ኣብ'ቲ ነፍሲ-ወከፍ ንባጽዕ ዝወረደ ጊያሻይ ከይበጽሖን ከይሓምበሰሉን ዘይምለስ ገምገም ገርገሱም'ውን፡ መዓልታዊ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ካብ ህጻናት ክሳብ ዓበይቲ ዕድመ ዝርከቡ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ተረኺቦም፡ ኑቲ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ስርሒት ፈንቅል ኣብ'ቲ ቦታ ክካየድ ዝቐጸለ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል እናተዓዘቡ፡ መቐረት ባሕሮም እናስተማቐሩ፡ ሓምቢሶምን ተዘናጊዮምን። ኣብ'ቲ ካብ ሓሙስ ጀሚሩ ክፉት ኮይኑ ዝቐጸለ ኤግዚብሽን ሓያሎ መንእሰያት ዘዳለውዎ ምህዞን ሰንዳን ንምርኢት ኣቕሪቦም ነይሮም። ኣባል ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ብንያም ፍስሃየ፡ ኑቲ ኣብ ገምገም ባሕርን ደሴታትን ንጽዓት ኑዳዲ ተባሂሉ ዝበርሱ ዘለዉ ከም ሾራን ካልኦትን ኣግራብ ንምክልኻል ብዝብል ዕላማ፡ ብጸዓት ረሳሕ ዘይቲ እትሰርሕ መሣሪ እተሰብል ዝመሃዞ መኮንየ ኣቕሪቡ። ንሱ፡ ካብ ሞተረታት፡ ጀነሬተራትን ማኪናትን ዝጉሓፍ ዘገልገለ ረሳሕ ዘይቲ፡ ባሕሪ ከይበክል ተባሂሉ ከምዝቃጸልን ከምዝጉሓፍን ጠቒሱ፡ እዚ ረሳሕ ዘይቲ፡ ኣብ መዓላ ዝውዕለሉ ኣገባብ ክምህዝ ከምዝተበገሰ'ዩ ዝሕብር። ዛጊት፡ ድሮ ብርክት ዝበላ ፍርያት ሞኮን ኣዳልዩም፡ ናብ መዓስከራት ሰራዊት ልኢኾም ከምዝለዉ ገሊጹ። ነታ ረሳሕ ዘይቲ ናብ ጸዓት ንምቕያር፡ ብኤለክትሪክን ብጸሓያዊ ጸዓትን እተሰርሕ ምህዞኡ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸን ዝዓበየን ኣገባብ ኣዳልዩ፡ ክዘርግሐዋ መደብ ከምዝለዎም የረድኡ።

ኢብራሂም ሳልሕ ኣሕመዲንን ቤንሁር ግርማይን፡ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ተመዲቦም ሃገራዊ ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ዝርከቡ መንእሰያት ኮይኖም፡ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ እትኸይድ ብሽክለታ ምህዞም'ዮም፡ ኣብ'ቲ ዝተዳለወ ኤግዚብሽን ኣቕሪቦም። እቲ ዕላማ፡ ንቱሪዝምን መዘናግዒን ንኽጠቅም፡ ምስ ግዜ ከኣ ውድድራት ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ንምኪያድ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ገርገሱም ፈቲኖምዋ ጽቡቕ ውጽኢት ሂቡቶም ስለዘሎ፡ ንዓመታ ኣመሓይሾም ከምዝቕርብዋ ሓቢሮም።

ኣባል ሃብቲ ባሕሪ ማሕሙድ እድሪስ ሰለም፡ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝተዳለወ ኤግዚብሽን እዩ። ንሱ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ "ጸጋታት ሃብቲ ባሕሪ፡ ንረብሓ ህዝብን ዕብየት ሃገርን" ዝብል፡ ዝተፈላለያ ክፍለታትን ጨናፍራትን ሚኒስትሪ ናይ ዘካይድኦ ብዛዕባ ባሕርን ባሕረኛታትን መርከባትን፡ ብዛዕባ ዓይነታት ምግፋፍ ዓሳ፡ ኩነታት ጀላቡን ካልእን ዝገልጽ ንጥፈታትን ስራሓትን ንምርኢት ከምዝቐረበ ይገልጽ።

ጽምብል መበል 35 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ ኑዩም ካብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር ዝመጽኡ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ነጋድያን ዜጋታት፡ ዘዕጉብ መደባትን ኣገልግሎታትን ብምእንጋድ፡ ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ። ኩሉ ተሳታፋይ ናይ'ቲ ጽምብል'ውን፡ ንባሕሩ ሓምቢሱሉን ተሓጒሱሉን ኑቲ ውቁብ ገምገም ባሕሪ ከተማ ባጽዕ ተሳኢሉሉ፡ ሸናዕ እናበለ ተዓዲዙሉን ተዘናጊዑሉን'ዩ። ንዓሳታት ባሕሩ'ውን፡ ብመልክዕ ኮተሌት ዓሳ፡ ግሪል ዓሳ፡ ፍራይድ ዓሳ፡ ዓሳ በስማርክ፡ ዓሳ ምስ ጻዕዳ ኣቢት፡ ስፐሪስ ዓሳ ምስ በርበረ፡ ዝልዝል ዓሳ፡ ዓሳ ፈንገር፡ ዓሳ ቦርችድ፡ ዓሳ ሽርምፕ ግሪል ፍራይድ፡ ዓሳ ከቡብ ወዘተ እናኣዘዘ ተመጊቡሎምን ኣስተማቒሩዎምን'ዩ። ውሕስነት ናይ'ቲ ብቐልጽሙ ተጎናጺፍዎ ዘሎ ሰላምን ብርእሱምርኮሳ ዝምርሾ ዘሎ ጉዕዞ ህንጸትን ልምዓትን ሃገሩ ድማ፡ ብሓያል ህዝባዊ መኹተ ከምዝዕወት ኣሚኑ፡ ንዓመታ ብሰላም የራኽበና ብምባል፡ ንስርሒት ፈንቅል 2025 ተሰናቢቱዎ።



ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር



ኢብራሂም ሳልሕ



ቤንሁር ግርማይ




ብንያም ፍስሃየ

# ፈንቅል ቅኑዕ ሕርያ!











ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ክብሮም ጸሃየ

# ስርሒት ፈንቅል

## “ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፡ መሰተንክር ጅግንነታዊ ፍጻመ እዩ።”

### ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ቀቅድሚ ስርሒት ፈንቅል ዝነበረ ኩነታት፡ ዓቕሚ ወገንን ጸላእን ዘጸጸር ኣሃዱ፡ ስርሒት ፈንቅል ንምትግባር ዝተሰኣለ ውጥን ብዝርዝር ኣቕሪብና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ።*

(6ይ ክፋል)

**ካልኣይ መዓልቲ - 9 ለካቲት 1990**

ህዝባዊ ሰራዊት ኣብቲ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ውዕሎ ዝተቘጻጸሮ ቦታታት ሐዚዙ፡ ጸላኢ ብኹሉ ኣንፈታት ዝፍትኖ ዝነበረ ጸረ-መጥቃዕትታት ክከላኸል ድሕሪ ምሕዳር፡ ወጋሕታ ብሰለስተ ኣንፈታት መጥቃዕቱ ቀጸለ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ጸላኢ ድሕሪ'ቲ ብ8 ለካቲት 1990 ክዕርድ ዝወዓለ ውግእ፡ ካብ ግንባር ከረን፡ ኣብ ደቡብ ኤርትራ ካብ ኣከለጉዛይን ሰራዩን፡ ከምኡ'ውን ካብ ከባቢ ኣስመራ ብዝተላእከ ኣጋርን መካናይዝድን ብርጌዳት ብሀጹጽ ብምንቅስቓሱ፡ ንግሆ ብሸነኽ ደንጎሎን ጽርግያ ሰሜናዊ ባሕርን ኣሰሊፉ ብርቱዕ ጸቕጢ ክገብር ሃቀነ። እዚ ብርቱዕ ጸቕጢ'ዚ ግን ንመጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ክዕግቶ ኣይከኣለን።

ኣብቲ ቀዳማይ መዓልቲ ኣብ ከባቢ ሰበርገማ ዝሓደራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ካብ ዝተፈላለየ ግንባራት መጺኡ ዝተደረበ ዝበዝሐ ሓይሊ ብምጥቃዕ ኣብ ናይ ትሽዓተ ለካቲት ውግእ ንደንጎሎ ታሕታይ ተቘጻጸራ። ድሕሪ'ዚ ጸላኢ ካብ ደንጎሎ ላዕላይ ተበጊሱ ነቲ ጽርግያ ንምኽፋት ብርቱዕ ጸረ-መጥቃዕቲ ክካይድ ወዓለ። ይኹን'ምበር ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ንመጥቃዕትታት ጸላኢ እናመከታ በብቖሩብ ቦታታት እናተቘጻጸራ ንቕድሚት ይግስግሳ ነበራ። ብሸነኽ የማን ካብ ከባቢ ጊንዳዕ ፈሪሰን ክሳብ ጽርግያ ሰሜናዊ ባሕሪ ተዘርጊሐን መከላኸሊ ማስመር ዝሓዛ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ድማ፡ መከላኸሊ ማስመረን ንምሕያል ዘኽእለን ኣገደስቲ ቦታታት እናተቘጻጸራ፡ ጸላኢ ዝፍትኖ ዝነበረ ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ክፀምክታ ወዓላ።

ኣብዚ ናይ ትሽዓተ ለካቲት ውግእ፡ እቲ ብሸነኽ ጺጋም፡ ንቕኑት-ቀይሕ (ብራኸ 120) ተቘጻጺሩ ዝሓደረ ናይ ወገን ሓይልታት፡ ንግሆ ጸላኢ ዝፈተኖ ብርቱዕ ጸረ-መጥቃዕቲ ተጋሩ ድሕሪ ምምካት፡ ምስ ዝበዝሐ መካናይዝድ ሓይሊ ጸላኢ ገጢሙ፡ ብዙሓት ታንክታት ብምቕጻል፡ ብዓወት ንቕድሚት ገስገሰ። ገለ ክፋሉ ናብ ገርገሱም ክጽጋዕ እንከሎ፡ ገለ ድማ ዶጋሊ. ቅድሚ ምብጻሕካ ኣብ ዝርከብ ሰፊሕ ጎላጉል ተዘርጊሑ ዝከላኸል ዝነበረ ሓይልታት ጸላኢ እናጥቀዐ ሩባ ሩባ ዶጋሊ. ገስጊሱ ጽርግያ ባጽዕ ኣስመራ ኣብ ከባቢ ዶጋሊ. በቲኹ ተቘጻጸረ። እዚ ኩነታት'ዚ ነቲ ኣብ ድግድግታ ኣይልዳሉ ዓሪዱ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ዘሰንበደን ተስፋ ዘቝረጸን ፍጻመ ነበረ።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡ እቲ ካብ ጋሕቴላይ ተበጊሱ ኣብ ከባቢ ድግድግታ ተጸጊዑ ዝሓደረ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንግሆ ኣብ ታባታት ድግድግታ ዝበረ ጸንዕ ድፋዓት ጸላኢ. ኣብ ዘጥቅዓሉ ጸላኢ. ብምቝራጽ ጽርግያ ዶጋሊ. ተሰናቢዱ ስለዝነበረ፡ ብርቱዕ ተቓውሞ ክገብር ኣይከኣለን። ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ሓያሎ ታንክታት ኣቃጺሉ፡ ረፋድ ንድግድግታ ብምቍጽጻር፡ ጽርግያ ጽርግያ ሐዙ ንሸነኽ ዶጋሊ. ክግስግስ ወዓለ። ድሕሪ'ዚ እቲ ካብ ድግድግታ ዝተደፍአ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ከባቢ ዶጋሊ. ብታንክታት ተሰነዩ ፈንጠሱ ንምጽዋዕ ክኣቱ እኳ እንተ ፈተነ፡ በተን ድሮ ጽርግያ ተቘጻጺረን ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ተዓጊቱ፡ ታንክታቱ ተቓጺለንን ተማሪኸንን ፋሕ ብትን ኣትዩ ተዘራረ።

ኣብዚ ናይ ትሽዓተ ለካቲት ውዕሎ'ዚ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ እቲ ብሸነኽ ሰሜን ዝመጸ ካብ ከባቢ ገርገሱም ክሳብ ዶጋሊ. ዘሎ ቦታታት ተቘጻጺሩ ክሓድር እንከሎ፡ ድግድግታ ኣጥቂዑ ክግስግስ ዝወዓለ ድማ፡ ምስተን ኣብ ቅድሚኡ ኣብ ከባቢ ዶጋሊ. ዝጸንሓኦ ሓይልታት ተደረበ። ምጽዋዕ ድማ ካብ ቀረባ ርሕቀት ኣብ ትሕቲ ከበባ ህዝባዊ ሰራዊት ኣትያ ሓደረት። ኣብዚ እዋን'ዚ ጸላኢ ብዓቕሚ ጸቢቡ ብፍላይ ብሸነኽ ጉልጉል ገርገሱም ብብዙሓ ጸረ-ታንክን ሰብን ፈንጂታት ክቕብር ሓደረ።

**ሳልሳይ መዓልቲ - 10 ለካቲት**

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ስርሒት ፈንቅል፡ እቶም ብዘደንቕ ፍጥነት ኣብ ውግእ ክልተ መዓልቲ ንምጽዋዕ ተገምጊሞማ ዝሓደሩ ሰለስተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 70፡ ሓደ ብርጌድ ናይ ክፍለሰራዊት 96፡ ከምኡ'ውን ክልተ መካናይዝድ ብርጌዳት፡ ንግሆ ካብ ከባቢ ገርገሱም ክሳብ ፎርቶ ተዘርጊሖም ብኹሉ ኣንፈት ሓያል መጥቃዕቲ ፈነዉ። ኣብ ከባቢ ምጽዋዕ ዝርከብ ስትራተጂያዊ ታባ ፎርቶ ከኣ፡ ኣጋርን መካናይዝድ ኣሃዱታትን ድሕሪ ዝፈነውዎ ዝተወሃሃደ ብርቱዕ ውግእ ሰዓት 7:00 ንግሆ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ወደቐ።

ኣብዚ ናይ ዕለት 10 ንግሆ ውግእ፡ ኣብ ከባቢ ገርገሱም ጸላኢ. ናይ ሞትን ሕየትን መኸተ'ኳ እንተ ኣካየደ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ብፍላይ መካናይዝድ ኣሃዱ፡ ነቲ ዝገጠሞ ከቢድ ናይ ፈንጂታት ዕንቅፋት ሰጊሩ፡ ንገርገሱምን ፋብሪካ ሶሚንቶን ብምቍጽጻር፡ ብሸነኽ ሰሜን ናብ ወሽጢ. ምጽዋዕ ኣተወ። ፎርቶ ተቘጻጺሩ ዝነበረ ኣሃዱታት ድማ፡ ነቲ ዝሃድም ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ. እናኸብከበ ንሕጥምሎ ተቘጻጺሩ ዕዳጋ ኣተወ። ሰራዊት ጸላኢ. ድማ ገለ ንሸነኽ ደቡብ ንኣጂፕ ገጹ ክሃድም እንከሎ፡ ገለ ንጥዋለት፡ ልዕሊ. 30 ታንክታት ዝነበራኦ ዝዓበየ ክፋል ሰራዊት ጸላኢ. ከኣ፡ ሃዲሙ ንግራር ኣተወ።

ረፋድ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ቅድመኣን ዝጸንሐ ዝቐረየ ሓይሊ. እናቐረማ ንዝበዝሐ ክፋል ምጽዋዕ ተቘጻጺረን፡ ካብ ከባቢ. እንዳ ሚከኤል ክሳብ ዕዳጋ ዝነበረ ቦታታት ተዘርጊሐን ሓዛ፡ ገለ ኣሃዱታት ድማ ናብ ኣጂፕ ገጹ ንዝሃደመ ሰራዊት ሰዓብቱ ዝቕተል ቀቲለን ዝማረኽ ማሪኸን ንኣጂፕ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ኣእተዋኦ። ድሕሪ'ዚ እቲ ካብ ብምሉኡ ዕርድታቱ ሃዲሙ እናተኸብከበ ምጽዋዕ ዝኣተወ ሰራዊት ጸላኢ፡ ባሕሪ ድሕሪኡ ገዲፉ፡ ኣብ ጥዋለት፡ ግራርን ናቫልብየዝን ተኣጊሩ፡ ነቲ ዘይተርፍ ደምሳሲ. መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ብኸቢድ ራዕዲ ተዋሒጡ ይጽበ ነበረ።

ቅድሚ 12 ዓመታት ማለት፡ ኣብ 1977-1978 ህዝባዊ ሰራዊት ንከተማ ምጽዋዕ ኣጥቂዑ ዝበዝሐ ክፋል ናይታ ከተማ ኣብ ዝተቘጻጸረሉ እዋን፡ ጸላኢ. ንግራውቲ ጨው ሳሊና ብሞገይ ባሕሪ ኣጥለቕለቑ ነታ መዕከር ሓይሊ. ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝኾነት ናቫልብየዝ ካብ ምትሓዝ ከምዝተኸላኸለላ ዝዝከር እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንሳሊና ክሰግር ዝኽእሎ ፈተነ ኣይተዓወተን ጥራይ ዘይኮነ፡ ሳሊና ንምስጋር ዝቐደ ውግእ ብዙሕ ማሰዋእቲ ሓቲቱዎ እዩ። ኣዚዙ ህዝባዊ ሰራዊት እዚ. ተመኩሮ'ዚ. ስለ ዝነበሮ፡ ድሕሪ ምቍጽጻር ዕዳጋ፡ ጸላኢ. ንምውድዳብ ግዜ ከይረኸበ እንከሎ፡ ግራርን ናቫል-በዩዝን ብቕልጡፍ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ንምእታው፡ ግዜ ከይወሰደ መጥቃዕቲ ክቕጽል ኣዘዘ።

ብኡ ንብኡ፡ ሳሊና ብምስጋር ግራር ንምቍጽጻር መጥቃዕቲ ቀጸለ። ሰራዊት ጸላኢ. በቲ ትንፋስ ዘይህብ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ተዳሂሉ ስለ ዝነበረ፡ ታንክታት ወገን ሳሊና ሰጊረን ግራር ክኣትዋ እንከለዋ፡ ድሕሪት ዝጸንሓ ናቱ ታንክታት ዝሰዐበ ዘለዋ ስለ ዝመሰሎ ተደናጊሩ፡ ሓያል ተቓውሞ ኣይገበረን። ታንክታት ህዝባዊ ሰራዊት ግራር ኣትየን ተኾሰ. ድሕሪ ምኽፋተን ድማ፡ ጸላኢ. ኣብኡ ዝነበራ ልዕሊ. 30 ታንክታቱ ራሕሪሑ፡ ካብ ግራር ንናቫልብየዝ ዝኸይድ ድልድል ሓሊፉ ናብ ናቫልብየዝ ኣተወ። ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቐትሪ ድማ ብዘይ ብዙሕ ክሳራ ግራር ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ወደቐ፡ ኣብኡ ዝጸንሓ ጸላኢ. ዝገደፈን ልዕሊ. 30 ታንክታት ብሓደ እዋን ተማረኻ።


ብፍልጠ ወገን ብትሽዓተ ለካቲት ንደንጎሎ ታሕታይ ተቘጻጺረን፡ የማን ካብ ጊንዳዕ ክሳብ ኣጺደፍ ሰሜናዊ ባሕሪ ተዘርጊሐን፡ ጸላኢ. ፈንጠሱ ንምሕላፍ ዝገብሮ ዝነበረ ሓያል ጸቕጢ. ክከላኸላ ዝወዓላ ኣሃዱታት፡ ብ10 ለካቲት ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 85 ወጋሕታ መጥቃዕቲ ከፊተን ረፋድ ንደንጎሎ ላዕላይ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽረን ከእትዋኦ እንከለዋ፡ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 61 ድማ፡ የማን ካብ ጊንዳዕ ክሳብ ሰሜናዊ ባሕሪ ተዘርጊሐን ጸላኢ. ክካይዶ ዝወዓለ ተደጋጋሚ ናይ ምፍንጣስ ፈተነታት ክፀምክታ ወዓላ።

ኣብዚ ዕለት'ዚ. እተን ብድሮ ድግድግታ ንምቍጽጻር ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ዝተሳተፋ ገለ ኣሃዱታት ናይ ክፍለሰራዊት 85 ብቕልጡፍ ንሸነኽ ርእሲ-ዓዲ ተንቀሳቒሰን ምስ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 61 ተኣሳሲረን፡ ኣብ ናይ ምክልኻል ውግእ ተጸምቢደን ወዓላ። ድሕሪ ብርቱዕ ውግእ ደንጎሎ ላዕላይ ዝተቘጻጸራ ብርጌዳት 85 ድማ፡ ብርክን ከይሰበራ፡ ኣብ ከባቢ ጊንዳዕ ካብ ጦአበር ንጹጋም ዝርከብ ስትራተጂያዊ ጎቦ ጋሕያት ንምሓዝ ምስ ጸላኢ. ኣብ ከቢድ ምርብራብ ወዓላ። ሰራዊት ጸላኢ. ብሸነኽ ብሓደ ወገን ንሰራዊት ህ.ግ. ፈንጠሱ ነታ እኽ ጎረሮኡ ዝኾነት ወደብ ምጽዋዕ ካብ ምትሓዝ ንምድሓን፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ደንጎሎ ላዕላይ ቀጺሉ ንጊንዳዕ ተቘጻጺሩ ናብ ኣስመራ ገጹ ከይግስግስ፡ ዝኸፍ ሰራዊት ኣኸቲቱ፡ ብርቱዕን ደማዊን ኩናት ክካይድ ወዓለ። እዛ ዕለት'ዚኣ፡ ኣብቲ ከባቢ ኣዝዩ መሪር ውግኣት ዝተኻየደላ ዕለት ኮይና ሓሊፋ። ጸላኢ. ብተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ዝፍረዮ ነገር ኣይነበረን። ህዝባዊ ሰራዊት ግን እቲ ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ዝተቘጻጸሮ ቦታታት፡ ተወሳኺ. መስዋእቲ እናኸፈለ ክዕቅቦ ከኣለ።

ኣብዚ ናይ ዕለት 10 ውግእ፡ ጸላኢ. ብዙሕ በረራታት ነፈርቲ ውግእ ብምፍጻም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናብ ምጽዋዕ ዝኣተወ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊትን ኣብቲ ሓደሽ ዝተመስረተ ግንባር ጊንዳዕን ቀጺሊ. መጥቃዕትታት ክካይድ'ኳ እንተ ወዓለ ዘምጽኦ ለውጢ. ኣይነበረን።

ይቕጽል . . .

ምንጪ፡-
ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ. ቅጺ. - 3
‘ፈንቅል’
መኣተዊ ጽሑፍ ብሰለሙን በርሀ



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መዘናግዒ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለስ ስፖርት |
| 14:15 | ድራማ |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ወግዓዊ ስነስርዓት ስርሒት ፈንቅል (ድግም) |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኣድላት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ርዝና ተኽስተ ለልሹ ብዓል ቤተይ መሓሪ ከበድ ሃይለማርያም ስለዝተሰወኑ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

የናስ ኣብርሃም ዕቕባዝጊ ኣደይ ለተኪዳን ኪዳነ ቀላቲ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ገብረህይወት ክንፈ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ዘርኣብሩኽ ማሉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብረሃለይ ዑቕባክርስቶስ ሊላይ፡ ኣደይ ለተኺዳን ሃይለ ገብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ውዳሴ ኣብርሃ ባህታ፡ ወደይ ፍትዊ የውሃንስ መሓሪ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሰሃና ተስፋምህረት ክብርኣብ፡ ስም ኣደይ ዶልሺ ገብረእዝጊ ኪዳነ ምግልል ተሪፉ፡ ዶልሺ ገብረእግዚኣብሄር ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዜብ ሙልጌታ ባህታ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ይሕደጎ ዓብዱ ይሕደጉ፡ ስም ምትሕልላፍ ናይ ዋንነት መኪና ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት መሉወርቂ ብርሃን ክፍለማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብል ኣተሸም ሃይሉ ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ተኸሰስቲ ዘርኣይት ተወልደ ገብረ፡ ትዕበ እርጋ ናይዝበ፡ ታየ ኣብይ ገርጀ፡ ለተንገሰ ጺጋይ ተኸለሃይማኖት፡ ተኸሳሲት ማክዳ ኣብይ ብርሃነ ባንክ ልምዓትን ወፍርን ኤርትራ ንገንዘብ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሊኺ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ቁ.39 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ዳንኤል ኣማኒኤል ተኸለሚካኤልን ወ/ሮ ሰምሃር በርሀ ወልደጋብርን ተኸሳሲ ወረ/ሰ ዘይኑብ ሓጎስን ወረ/ሰ ጀማል ሰዒድ ገይቱን ኣሲያ ጀሃን ዘሎ ናይ ዘንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ስተልኑር ኢማም ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቁ.41 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኹሊ

ለተብርሃን ተከኤ ተኽለሚካኤል፡ ኣሞይ ኣብርሀት ተኽለሚካኤል ስብሃቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋታ ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ውዳሰ ተኽለ ሓጎስ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ በራኺ ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሄለን ግርማይ በርሀ፡ ኣቦይ ግርማይ በርሀ ስለዝዓረፈ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሕርይቲ ተ/ማርያም ናይ መጻምዲ ማሰለ ይተሓለወላ፡ ኣነ ድማ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተማስገን ሓድጉ ብሉጽ፡ ሓወቦይ ሰዒድ ኣሕመድ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይወሰነለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኤሸን ኣማንእዝጊ ደበሳ፡ ኣደይ ምሕረት ድራር ተደላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣዳም ተስፋይ ኣለም፡ ኣቦይ ተስፋይ ኣለም ወልደስላሴ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሄቢል ተስፋይ ክፍለየሱስ፡ ብወላዲቱ ኣልማዝ ተስፋሚካኤል፡ ስመይ ሄቢል ተስፋይ ክፍለየሱስ ምግልል ተሪፉ፡ ሄቢል ሰምኦን ከፈላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ መኽሰብ ተስፋይ ክፍለየሱስ፡ ብወለዱ ተስፋይ ክፍለየሱስን ኣልማዝ ተስፋሚካኤልን፡ ስመይ መኽሰብ ተስፋይ ክፍለየሱስ ምግልል ተሪፉ፡ መዝሙር ተስፋይ ክፍለየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ወልደ ገብረዝጊ ወልደስላሴ፡ ብወከል ኣቶ ተወልደ የሃንስ ገብረዝጊ፡ ኣደይ መድህን ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ 2 መወትቲ 11 ተተካእቲ ደቆምን ኣብ ዘንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ማሕፉዝ ሰሌማን ጣሁ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣለም ተኽለማርያም፡ ናይ ስም መኪና ምስግጋር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

የርክበል መሓሪ ተኽሉ፡ ብወላዲኡ መሓሪ ተኽሉ፡ ስመይ የርክበል መሓሪ ተኽለ ምግልል ተሪፉ፡ ዳንኤል መሓሪ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ራሄል ነጋሲ ገብረእግዚኣብሄር ምግልል ተሪፉ፡ ራሄል ነጋሲ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኤደን ኢያኣብ፡ ኣቦና ኢያኣብ ኣብርሃም፡ ንፍ/ሄር ሃለት ዓንደም ተስፋማርያም ሕጋዊ ብዓል ቤታ ስለዘኾነ፡ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰገን ተኽለሚካኤል ሃብተጼን ምግልል ተሪፉ፡ ኣልማዝ ተኽለሚካኤል ሃብተጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣልማዝ ንጉሰ ሃብትዝጊ፡ ግደይ ኣዶናይ ጥሻይ ግደ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሕርይቲ ተኽስተ በራኺ፡ ስም ኣደይ ጸገወይኒ ተኽለ ቦኽረጼን ምግልል ተሪፉ፡ ጸገወይኒ ተኽለ ተኽለጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

መሓመድ ብርሃን መሳ ዓብደልቃደር ኑራይ ምግልል ተሪፉ፡ መሓመድ ብርሃን መሳ ዓብደልቃደር፡ ኣይም ስም ኣደይ ከኣ ሃዋ ኢብራሂም መሓመድ ምግልል ተሪፉ፡ ሃዋ ሳልሕ የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣክረም ዘይኑ ዓብደልከሪም ምግልል ተሪፉ፡ ኣክረም መሴ ወልደሚካኤል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መድህን ገብረሃንስ መንገሻ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ መንግስትኣብ ወዘ ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ገብረስላሴ ገብረሚካኤል ኪዳኑ፡ ኣደይ ተበርሀ ዑቕባሚካኤል ብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ምም/ከባቢ ቃሓውታ ጎደና 716-6 ዚፕ ኮድ 1A713 ቁ/ገዛ 20 ፕሎት 20 ፓርሰል A መለለዩ ንብረት ASD00018406 ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ብቁ. ንብረት 1BRASM019002/0 ብስም ሙብራህቱ ኪዳነ ሃይሉ ዝተመዝገበ፡ ብምቕሊት ብጽሒተይ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣልዩ ውሳነ ሕዚ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስትራልን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ ሰነዳት ጉዳዩ ከውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ምንያ ፍስሃየ ምራጭ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማኣከል ከተማ ጎደና 171-5 ገዛ 12 ፓርሰል ኮድ 1A171 ፕሎት 54 ፓርሰል ዞን ASP 00008435 ፓርሰል D መለለዩ ቁ. ንብረት 1:012963/1 ብስም ኣሰፍሃ ተወልደ ንጉሰ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብረቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝዕበል እንተሃልዩ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቁ. ቴሌ. 07218880/184623 ደዊሉ ይርከበኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ከወጽእ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣሰፍሃ ተወልደ ንጉሰ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቃሓውታ ቁ/ገዛ 63 ፕሎት 38 ፓርሰል E ቁ/ምርሒት መሬት 122244/404 ሮው 170 መለለዩ ቁ. 188530 መወከሲ ቁ. 141005 ብስም ኣሰፍሃ ተወልደ ንጉሰ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብረቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሓዚዎ ዝዕበል እንተሃልዩ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቁ. ቴሌ. 07218880/184623 ደዊሉ ይርከበኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ከወጽእ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣሰፍሃ ተወልደ ንጉሰ

---

ብስመይን ብስም ሓፍተይ ዘይኑብ ኢብራሂም ኣሕመድን ኣብ ኣስመራ ዞባ 01 ምምሕዳር ማእከል ከተማ ጎደና ዋገን ድባርዋ ቁ.ገዛ 38 ዝርከብ ገዛ ብኮምሽን ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 100087 መወከሲ ቁጽሪ 106295 ንዝተመዝገበ ገዛ ምስክር ዋንነት ሰነድ ስለዝሰኣንኩዎ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝዕበል እንተሎ፡ ብቁ/ቴሌ 07881865 ክሕብረኒ ከረክበኒ፣ እንተዘየሎ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ብትሕትና ኣፍልጥ፡፡

ኣምና ኢብራሂም ኣሕመድ

---

ንሕና ወረ/ሰ ሃብተማርያም ወልደገርግሽ ጎይትኦም ዝኾንና፡ እቲ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ምም/ከባቢ ቤት መኻእ ዚፕ ኮድ 1-A-184 ዝርከብ ካብ ወለድና ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 122332 መወከሲ ቁጽሪ 137282 ብስም ወላዲና ነፍ/ሃብተማርያም ወልደገርግሽ ጎይትኦም ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ናብ ስምና ክሕለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዑቕባይ ሃብተማርያም

---



### ሓበሬታ
### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሚልክያስ፡ ካልኣይ ወጺኡ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ሚልክያስ ማእከሉ ትማሊ ኣብ ካልኣይ መድረኽ ዙር ኣልጀርያ፡ ካልኣይ ብምውጻእ ሕጂውን ብሉጽ ወጽኢት ኣመዝጊቡ።

ዝ. 145.5 ኪሎሜተር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ኣልጀርያዊ ያሰም ሓፃዛ እዩ - ብ3 ሰዓት፡ 28 ደቒቕን 51 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ሚልክያስ ከኣ ንኣልጀርያዊ ሞሓመድ ናድጂብ ኣኽቲሉ፡ ብዝመሳሰለ ግዜ ካልኣይ ኣትዩ።

ቀዳም ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ቀዳማይ ዝኣተወ ሚልክያስ፡ ሰንበት ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ዙር ኣልጀርያ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ነይሩ።

## ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ተዓዊተን

ሻሙናይ ሰሙን ግጥሚት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት ብኽልተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ።


ስምኦን ኣስመላሽ

ፈለማ መራሒት እዚ ውድድር ዞላ ደንደን ንጉዳይፍ ገጢማታ። ጉዳይፍ፡ 11 ነጥቢ ንእትቕድማ ዞላ ደንደን ኣብ ቀዳሞት 45 ደቓይቕ ብምብዳህ፡ ንዕረፍቲ 0ብ0 ወጺኦ።

ኣብ ቀዳሚት ዞላ ደንደን፡ ምስታ እትሰዕብ ዞላ ቀይሕ ባሕሪ ኣንጸፊቶ ዝበረት ሓሙሽተ ነጥቢ ፍልልይ ንምዕቃብን ንምውሳኽን፡ ብእዋኑ'ያ ተጓይያ። ጉዳይፍ ግን ቀላል ኣይነበረትን። ጸወታ ክበዝሖ ሓደት ደቓይቕ ክሱብ ዝተርፎ'ውን ልዓታ ኣየድፈረትን ነይራ። እንተኾነ ኣብ መበል 81 ደቒቕ፡ ደንደን ብናህም ዓወት ብዘረኸበታ እኹ ሹቶ፡ 1ብ0 ተዓዊታ። ንውጽኢት ዝቖየረት ሹቶ ዘመዝገበ ናህም ከኣ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ኣብቲ ዕለት ዝዓበየ ቈላሕታ ረኺቡ ዝበረ ጸወታ ዓብይቲ ጋንታታት ቀይሕ ባሕርን ኣስመራ በራን እዩ። ሱሓቢ ተወዳዳርነት ዝተረኣየ እዚ ጸወታ፡ ክልተ ደቒቕ ምስ ተሳዕለ ጥራይ ቀይሕ ባሕሪ ብመገዲ ኣክፋሉላ ኣቤል ተኽለዝጊ ሹቶ ኣመዝጊባ 1ብ0 መሪሓ። ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ክልተ ብሉጻት ተጻወትታ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዘሰጋገረት ኣስመራ በራ፡ ኣብ ኣጋ ዕረፍቲ ብመገዲ ሂብል ሚካኤል እተመዓራርያ ሹቶ ኣመዝጊባ። ንዕረፍቲ 1ብ1 ወጺኦን።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንኣቤል ረዘ፡ ኣቤል ወልደየሰሱ፡ ኬብሮን ያሬድን ስምኦን ኣስመላሽን ቀይራ። ንዓወት ድማ ዝያዳ ደለየታ። መስመር ምክልኻል በራ ግን ብቐሊሉ ዝሕለፍ ኣይነበረን። ቀይሕ ባሕሪ ቀይራ ካብ ዘእተወቶም ተጻወትታ ግና ተኻሒሳ እያ። ኣብ መበል 87 ደቒቕ ስምኦን ኣስመላሽ ካብ ኣቤል ወልደየሰሱ ንዝመጸቶ ኩዕሶ ናብ ሹቶ ብምቕያር መሪሕነት ኣትሒዛ። ብዘይካዚ፡ ስምኦን ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ሹቶ ብምውሳኹ ንተዓዘብቲ ዝማረኸ ጸወታ - ብዓወት ቀይሕ ባሕሪ 3ብ1 ተዛዚሙ። ተቐይሩ ብምእታው ዓወት ዘምጽአ ስምኦን ከኣ ናይቲ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

በዚ ውጽኢት፡ ደንደን ብምሉእ 24 ነጥቢ ትመርሕ። ቀይሕ ባሕሪ ብ19፡ ኣልታሕሪር 12 ነጥቢ ይስዕባ።

እዚ ውድድር፡ ድሕሪ ጽባሕ ሓሙስ ፓራዳዝ ምስ ኣልታሕሪር፡ ኩባንያ ሰሜን ምስ ማይ ተመናይ፡ ሓይሊ ኣየር ምስ ኣስመራ በራ ብዝካየዳ ግጥም ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ...

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ቀጺሉ

### ገጀረትን ደቡብን ሓሊፈን




ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ትማሊ ሱሩይ ናይ ምድብ 'ለ' ጉጅለ 1 ኣብ ዝተኻየዱ ጸወታ፡ ገጀረትን ደቡብን ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፈን።

ቀዲመን ዝተጻወታ ገጀረትን ደቡብን ነይረን። ጽቡቕ ወህደትን ምልክት ኩዕሶን ዘርኣየት ገጀረት፡ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ብመገዲ ሚላት መድሃኔ ሹቶ ረኺባ። ሃጻፍ ደቡብ ዝመዝመዛቶ እዛ ጋንታ፡ ደጊማ ብመገዲ ሚላት ኣብ መበል 29 ደቒቕ ሹቶ ወሲኻ፡ ኣብ ዕረፍቲ 2ብ0 መሪሓ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ሹቶ ካብ ምቝጻር ዘይተዓገተት ገጀረት፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 49ን 63ን ደቓይቕ ብመገዲ ዩልያ ዓይናም ኣዘር ተሰፋይን ወሲኻ 4ብ0 ተዓዊታ። ብምሉእ ብ9 ነጥቢ ንምድባ መሪሓ ከኣ ናብ ዝቕጽል ግጥም ሓሊፋ። ኣብኣ ሰሩሒት ስዩም ከኣ ናይዚ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ንምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስን ደብባዊ ቀይሕ ባሕርን ዘራኸበት ጸወታ ሰዒባ ተኻይዱ። 0ብ0 ከኣ ተፈላልየን። ናይ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ያስሚን ያሲን ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጻዊዓ።

በዚ ውጽኢት፡ ደቡብ ንገጀረት ሰዒባ ንዝቕጽል ጸወታ ሓሊፋ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ናይ ምድብ 'ሀ' ጋንታታት ደንደንን ሓይሊ ኣየርን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኢንሹራንስን ብዝካየዳ ጸወታታት ክቕጽል እዩ።

## ሊግ ዓንሰባ ይቕጽል ኣሎ

ውድድር ኩዕሶ እግሪ ሊግ ዓንሰባ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ስታድዩም ከረን ምቕጻሉ፡ ወኪል ዜና ሓቢሩ።



ብዕለተ ቀዳም ፈለማ ደንደንን ኣልሂላልን ተጻዊተን። ብሉጽ ምንቅስቓስ ተርኢ ዝበረት ኣልሂላል፡ ብመገዲ ሰረቐ ስልጣን መሪሕነት ዘትሓዘቶ ሹቶ ረኺባ ንዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ ወጺኦ።

ኣብ ቀዳማይ እብረ ግብረ መልሲ ዘይዛበት ደንደን፡ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ግና ካብ ያሰር ዓብዱ ብዘመዝገበታ ሹቶ ተመዓራርያ። ኣብ ዝተረፈ ደቓይቕ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይምንባሩ ከኣ 1ብ1 ተፈላልየን። ዳዊት ክብሮም ካብ ደንደን ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ግጥም ገዝ ጥኑዳን ኣልሳሕልን ሰዒቡ ዝተኻየደ ነይሩ። ኣልሳሕል ወላ'ኳ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሹቶ መሪሕነት እንተሓዘት፡ ገዝ ጥኑዳ ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ እተመዓራርያ ሹቶ ኣመዝጊባ ንዕረፍቲ 1ብ1 ወጺኦ።

ብዝመሳሰለ ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ኣልሳሕል እያ ኣብ መበል 66 ደቒቕ ሹቶ ረኺባ ደጊማ መሪሕነት ሒዛ። ገዝ ጥኑዳ ከኣ ብዝመሳሰለ ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ሹቶ ረኺባ ቀልጢፋ ወጽኢት 2ብ2 ገይራቶ። ማዕረ ድማ ተፈላልየን። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም፡ ዘከርያ ሮሞዳን ካብ ኣልሳሕል ተጸዊዑ።

ብቐዳሚ ትማሊ፡ ግጥም ናይተን መተሃላለኽቲ ዝኾና ጋንታታት ዓንሰባን ኣልኣስርን ቀዲሙ ተኻይዱ። ኣልኣስር፡ ኣብ መበል 27 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሹቶ ጸወታ ክትቅልሶ ጀሚራ። ድሕሪ ሰለስተ ደቓይቕ ግና፡ ቢንያም የናስ ንጋንታኡ ዓንሰባ ማዕረ እትገብር ሹቶ ኣመዝጊቡ። ርባል ሰለሙን ከኣ ጋንታኡ ኣልኣስር ደጊማ መሪሕነት ክትሕዝ ዘኽኣለታ ሹቶ ኣመዝጊቡ ንዕረፍቲ 2ብ1 ወጺኦን።

ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ መጻትኢ ዝተሳእና ዓንሰባ ክሳብ 86 ደቓይቕ ሰለስተ ሹቶታት ብምቝጻር፡ ወጽኢት ናብ 4ብ2 ብምቕያር ብሉጽ ዓወት ኣመዝጊባ። ሰለስተ ሹቶታት ብምቝጻር ሃትሪክ ዝሰርሐ ቢንያም የናስ ድማ ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ክቕጽል እዩ።

## ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ተዛዚሙ

### ሓሬና ብኽልቲኡ ጾታ ዋንጫ ፈንቅል ዓቲራ

ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንሸዱሽተ መዓልታት ክካየድ ዝቖየ ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ (ቢች ቮሊቦል) ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሰንበት 9 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ ኣብ ገርግሱም ተዛዚሙ።

ፈለሙ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ሓሬናን ክንፈን ገጢመን። ሓሬና ከኣ 2ብ0 ተዓዊታ።

ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ሓሬናን በሬርን ሰዒበን። ሓሬና ድማ ብዝመሳሰለ 2ብ0 ተዓዊታ። ኣብቲ ግጥም ተጻዋታይ ኣምባሳደር ጎይትኦም ጸበለ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ንሰላም ሃይለን ምጽኣል ጺጋይን ዝሓዘት ሓሬና፡ ንሻም ገብረየውሃንስን ሰሚራ ሙሴን - ክንፈ፡ ንመዋእል ዓንደብርሃንን ሊድያ ብርሃን ዝሓዘት - ሳዋ ኣኸቲላ ዕውትቲ ናይዚ ውድድር ኮይና። ሓሬና፡ ንሓሙሻይ ግዜኣ'ያ ዋንጫ ፈንቅል ክትዓትር ክኢላ።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ንኣምባሳደር ጎይትኦምን መብራህ ሰሌማንን ዝሓዘት ሓሬና እያ፡ ንሓሰን ጣዝርን ተኽልያ ሰመረን - በሬር፡ ፊልሞን ሙልጌታን መድሃኔ ኣብርሃን - ሳዋ በለጸ ቀዳመይቲ ወጺኣ። እዛ ጋንታ፡ ንሻሙናይ ግዜኣ ዋንጫ ፈንቅል ኣልዒላ። ዕውታት ድማ ናይ ገንዘብ፡ መዳልያን ዋንጫን ሽልማቶም ከምእተቐበሉ ዝበጽሑና ዜና ኣረዲኡ።



## ማን ሲቲ - ሪያል ማድሪድ

ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመተ-ስፖርት ዕዉታት ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝኾና ማን ሲቲን ሪያል ማድሪድን፡ ሎሚ ምሸት ናብ ዙር 16 ንምሕላፍ ዝካየዳ ጸወታ ቀዳማይ እግሪ ዓቢ ቈላሕታ ረኺቡ።

ሎሚ ዓመት 36 ጋንታታት ብሓድሽ ሊግ መልክዕ ኣብ ሓደ ምድብ ሒዙ ውድድር ዝፈለመ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ንቐዳሞት ሸሞንተ ጋንታታት ብቐጥታ ናብ ዙር 16 ኣሕሊፉ ኣሎ። ካብ ታሽዓይቲ ክሳብ መበል 24 ዝወጻ ከኣ ብዘወደቐ ዕጫ መሰረት፡ ሓንቲ ኣንጻር ሓንቲ ናብ ክልተ እግሪ ጸወታ (Play-off) ብምኻይዱ ናብ ዙር 16 ክሓልፋ እየን። ሎሚን ጽባሕን ካብ ዝካየዱ ሸሞንተ ግጥማት ከኣ ልዑል ቈላሕታ ረኺቡ ዘሎ ርክብ እተን ብቐጥታ ክሓልፋ ተጸቢየን ዘበራ ማን ሲቲን ሪያል ማድሪድን እዩ።

ቀዳም ኣብ ራብዓይ ዙር ኤፍኤ ካፕ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ንሌይቶን ኦሬንት 2ብ1 ዝሰዓረታ ሲቲ፡ ኣብዚ ወቕቲ ዘይዕወት ግዜ ተሕልፍ ምህላዋ ይፍለጥ። ሎሚ ምሸት ከኣ ሓደ ካብቲ ዝኸበደ ጸወታ እዚ ወቕቲ ክተካየድ እያ።

ሲቲ ካብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ሻምፕዮንስ ሊግ ብሪያል ማድሪድ ሰለስተ ግዜ ተገሊፉ፣ እዚ ዝበዝሐ ብሓንቲ ጋንታ ዝተገለፈትሉ እዩ። ኣብዚ ንራብዓይ ተኸታታሊ ወቕቲ ዝራኸባሉ ዘለዋ እዋን ከኣ ብኣጋኡ ንኸይትግለፍ ኣብ ሜዳኣ ክትዕወት ከድልያ እዩ። ምኽንያቱ ማድሪድ፡ ኣብ ሜዳኣ እሞ ድማ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ፍሉይ ቁመና ሒዛ ናይ ምቕራብ ዓቕሚ ስለዘለዋ። ሲቲ ኣብ 2025 ኣብ ሜዳኣ ኣብ ዝተኻየደቶም ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ግጥማት ብምዕዋታ፡ ጽቡቕ ፋል ክኸና'ውን ይግመት።

ቀዳም ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ ንኣትሌቲኮ ማድሪድ ዓዲማ 1ብ1 ዝተፈላለየት ሪያል ማድሪድ፡ ናይ ዓሚ ክብሪ እዚ ውድድር ንምዕቃብ ከቢድ ብድሆ ይጸበያ፣ ወላ'ኳ ሲቲ ቁመናኣ ከም ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ኣይሃለ።

ኣብ ሰለስተ ናይ ምድብ ግጥማት ብምስዓራ ናብ ኮማዚ ተወሳኺ ጸዓት ዝሓተት ውድድር ዝኣተወት ማድሪድ፡ መስመር ምክልኻል ሲቲ ብተደጋጋሚ እንተኾሓሕኩሓቶ፡ ሹቶ ዘይትረኽበሉ ኣቡት የለን።

ወሳኒ ተጻዋታይ ሮድሪ ኣብ መጀመርያ ወቕቲ ብማእረምቲ ብምእላዩ ከቢድ ግዜ ክተሕልፍ ቀንዲ ምኽንያት ኮይኑዋ ዘሎ ሲቲ፡ መስመር ምክልኻላ ኣሸንኳይ'ዶ - ንምጠጥ፡ ቪንሸየስ ሮድሪን በሊንግሃምን ዝሓዘለ መስመር መጥቃዕቲ ማድሪድ፡ ብዘኾነ ድኽመቲ እትበሃል ክሉብ ክድፈር ካብ ዝጅምር ነዊሕ ኣዋርሕ ኣቚጺሩ ኣሎ።

ብመንጽሩ'ውን ንኣገዳስቲ ተኸላኸልቲ ሩዲገርን ሻዝበዝን ምስተዮም ኣቐዲሞም ብዘተፈላለዩ መጉዳእቲ ክሰርዎም ዘሎ ካርሎ፡ ሚሊታኦን ኣላባን ጸምቢርዎም ዘሎ መስመር ምክልኻል ማድሪድ'ውን ሎሚ ምሸት ዝያዳ ክፉተን ትጸበት ኣሎ። ዓርሞሽሽ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኤርሊን ሃላንድ ከኣ ጸመ ልጓሙ ክፈትሕ ይግመት - ዛጊት ኣብ ኣርባዕተ ርክብት ኣንጻር ማድሪድ ሹቶ ኣየመዝገበን ዘሎ።

እዚ ጸወታ፡ ሲቲ 42.7 ማድሪድ 33 ሚእታዊት ናይ ዓወት ግምት ተዋሂብዎ ኣሎ።

### መደብ ጸወታ

**ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ**

ደንደን - ሓይሊ ኣየር 1:30 ድ.ቀ

ኩባንያ ሰገን - ኢንሹራንስ 3:30 ድ.ቀ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ**

ብረስት - ፒኤስጂ 8:45 ድ.ቀ (ቻነል - 2)

ማን ሲቲ - ሪያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ (ቻነል - 2)

ጁቬንቱስ - ፒኤስቪ 11:00 ድ.ቀ

ስፖርቲንግ - ቦሩስያ ዶርትሙንድ 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኤሎን መስክ፡ ብመንግስቲ ዝምወላ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ክዕጸዋ ጸዊዑ

ሓሊፉ ክፍሊ ብቐዳት መንግስቲ ኣመሪካ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ወናኒ ትካል ምፍራይ ኤለክትሮኒካውያን መካይን 'ተስላ' ን ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ን ኤሎን ማስክ፡ ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝምወላ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ክዕጸዋ ዝሓለፈ ሰንበት ጸዊዑ።

ኤሎን ማስክ፡ እተን ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝምወላ ዝጽንሓ ሬድዮ ለበርቲን ድምጺ ኣመሪካን ዝተባህላ ማዕከናት ዜና ንጥፈታተን ክቋርጻ ዝጸውዐ ፍሉይ ወኪል ፕረዚደንት ኣመሪካ ሪቻርድ ግረኔል እተን ብክፈልቲ ግብሪ ዝምወላ መራኸቢ ብዙሃን "ብርሑቕ ጸጋማውያን ኣክቲቪስት" ዝመልአ እዮን ክብል ድሕሪ ምንቃፉ እዩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ድሕሪ ሕጂ ኣመሪካ ብመንግስቲ ዝምወላ ማዕከናት ዜና ከምዘየድልያኣ ገሊጹ።

በዚ ድሙ፡ ኤሎን ማስክ ከም መልሱ ግብሪ ናይ ሪቻርድ ግረኔል ኣብ 'ኤክስ' ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፉ፡ እተን ማዕከናት ዜና ዓመታዊ 1 ቢልዮን ዶላር ከፈልቲ ግብሪ ኣመሪካ ካብ ምብኻን ሓሊፈን ዘፍረይኦ ነገር ከምዘይብለን ኣመልኪቱ።

'ሬድዮ ለበርቲ፡ ኣብ 1950 ኣብ ኤውሮጳ ጸረ-ሶቭየት ፕሮፓጋንዳ ንምዝርጋሕ ዝተመስረተት ኮይና፡ ኣብ መጀመርታ ብትካል ስለያ ኣመሪካ 'ሲ.ኣይ.ኤ' ትኣየድ ከምዝነበረት ይፍለጥ።

ፈለማ ኣብ 1940ታት ንፕሮፓጋንዳ ስርዓት 'ናዚ' ንምምካት ዝተመስረተት 'ድምጺ ኣመሪካ' እውን፡ ኣብ 1947 ናብ ሕብረት ሶቭየት ዝቐንዐ ንጥፈታት ከተካይድ ምጀማራ ይሕበር።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ደገፍ ኣህጉራውያን መራኸቢ ብዙሃን ሰብኣዊ ሓገዛትን ዝውዕል ዝነበረ ምወላ ንምንካይ ክሰርሕ ምጅማሩ ይፍለጥ።




## ሰራዊት እስራኤል፡ ካብ መተሓላለፊ መስመር ቓዛ ይወጽእ

ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ውዕል ምቁራጽ ተኹሲ እስራኤልን ሓማስን ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰራዊት እስራኤል ካብ'ቲ ንቓዛ ናብ ደቡብን ሰሜንን ክፈልዋ ዝርከብ መተሓላለፊ መስመር ኔትዛሪም ከምዝወጸ ተሓቢሩ።



በዚ ድሙ፡ ሓያሎ ፍልስጤማውያን ኑቲ ምውጻእ ወተሃደራት ስዒቦም፡ ናብ'ቲ ዝዓነወ ከበቢታት ክምለሱ ጀሚሮም ኣለው።

ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ስምምዕ ንሰለስተ ሰሙናት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ቀዳማይ ገጽ ሓማስ ካብ'ቶም ጅሆ ዝሓዘቶም 33 ሰባት ናጻ ክሰድድ፡ እስራኤል ከኣ 1900 ፍልስጤማውያን እሱራት ክትፈትሖ'ዩ ትጽበት ዝነበረ።

እንተኾነ እስራኤል፡ ካብ'ቶም ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ 33 እቶም ሸሞንተ ከምዝሞቱ'ያ ትገልጽ።

ዕጡቓት ሓማስ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ብምኽፋቶም፡ ኣስታት 1200 ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ 251 ሰባት ድማ ጨወዮም ከም ዝወሰድዎም ይዝከር።

እስራኤል ኣብ ዝወሰደቶ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ዛጊት ብውሑዱ 48 ሽሕን 189 ፍልስጤማውያን ከምዝተቐትሉ ሰብ መዚ ሚኒስትሪ ጥዕና ፍልስጤም ይሕብሩ።

ብዘይካ'ዚ ክልተ ሰሶ ካብ ህንጻታት ቓዛ ብመጥቃዕቲ እስራኤል ከምዝዓነወ'ውን ሕቡራት ሃገራት ይገልጽ።

ምውጻእ ሰራዊት እስራኤል ዝቐደድ ዘሎ፡ ልኡኽ እስራኤል ናብ'ታ ማእከል ምቁራጽ ተኹሲ ትሽምግል ዘላ ቀጠር ክበጽሕ ትጽበት ኣብ ዝነበረሉ ዘሎ እዋን እዩ።

መንግስቲ እስራኤል፡ ናብ'ቲ ናብ ቀጻሊ ምቁራጽ ተኹሲ ዝምርሕ ካልኣይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ስምምዕ ቅድሚ ምስጋግሩ፡ እቲ ልኡኽ ብዛዕባ ቀዳማይ ምዕራፍ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብዝምልከት ኣቓዲሙ ብዛዕባ 'ቴክኒካዊ ጉዳያት' ክዘራረብ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

ካልኣይ ምዕራፍ እቲ ስምምዕ ክልቲኦም ወገናት፡ ኣብ ቓዛ ዘለዉ እስራኤላውያን ጅሆታት ብፍልስጤማውያን እሱራት ክለዋወጡን ሓይልታት እስራኤል ድማ ካብ ቓዛ ምሉእ ብምሉእ ክወጽእን ዝጽሉ እዩ።

## ፕረዚደንት ሺ ኣብ ጽምብል ዝኽሪ ዓወት ሕብረት ሶቭየት ክሳተፍ'ዩ ተባሂሉ

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂን ፒንግ፡ ኣብ ጽምብል ዝኽሪ ናይ'ቲ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ሕብረት ሶቭየት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ናዚ ዝተጎናጸፈቶ ዓወት ንምስታፍ ዝቐረበሉ ዕድመ ከምዝተቐበሎ፡ መንግስታዊ ኣገልግሎት ዜና ሩሲያ 'ታስ' ዝሓለፈ ሰሉይ ሓቢሩ።

ታስ ንኣምባሳደር ሩሲያ ኣብ ቻይና ኢጎር ሞርጉሎቭ ብምጥቃስ ኣብ ዘዘበቶ መግለጺ፡ "ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ኑቲ ብምኽንያት መበል 80 ዓመት ዓወት ሕብረት ሶቭየት ዝመጽእ 9 ግንቦት ኣብ ሩሲያ ኣብ ዝቕየድ ጽምብል ንኽሳተፍ ዝቐረበሉ ዕድመ ተቐቢልዎ ኣሎ" ኢሉ።

ሞርጉሎቭ ወሲኹ፡ ፕረዚደንት ሺ እውን ንፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ኑቲ ኣብ ዝመጽእ መስከረም ክቕየድ መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ ዝኽሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ሃገሩ ክሳተፍ ዓዲምዎ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ቤት-ጽሕፈት ክረምሊን ኣብ'ቲ ሩሲያውያን "ዓቢ ሓርበኛዊ ኩናት" ኢሎም ዝጽውዕዎ መበል 80 ዓመት ምዝዛም እቲ ኩናት ንኽሳተፉ ብዙሓት ሃገራት ከምዝዓደመ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም 27 ሚልዮን ሰባት ዝኸሰረት ሕብረት ሶቭየት፡ ኣብ መወዳእታ ግን ንሓይልታት ናዚ ናብ ከተማ በርሊን ከምዝደፍኣቶምን ኣብኡ ድማ መራሒ ስርዓት ናዚ ዝነበረ ኣዶልፍ ሂትለር ንብሰ-ቅትለት ከምዝፈጸመን ይፍለጥ።



## ህንዲ፡ ቀረጽ እታው ንብረት ኣመሪካ ተጉድል

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ርክብ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ኣመሪካ ተወሳኺ ምጉዳል ቀረጽ ክዝርር ይዳሎ ከምዝሎ ተሓቢሩ።

እዚ ድሙ፡ ሰደድ ኣመሪካ ናብ ህንዲ ከዐቢን ክመጽእ ዝኽእል ንግዳዊ ኩናት ክጸትእን ከምዝኽእል ሰዚሰልጣን መንግስቲ ህንዲ ገሊጾም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ፡ ካብ ዝመጽእ ረቡዕ ጀሚሩ ኣብ ኣመሪካ ናይ ክልተ መዓልታት ምብጻሕ ከካይድ እዩ። እቲ ምብጻሕ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ሃገራት ተወሳኺ ቀረጽ ኣብ ዝሕውጀሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝቕየድ ዘሎ።

ትራምፕ ኣቐዲሙ፡ "ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ኣዚያ ዓብይ በደለኛ" ክብል ንህንዲ ብምጥቃስ፡ ናብ ፍትሓዊ ክልተኣዊ ንግዳዊ ዝምድና ንምስግጋር ኣብ ኣመሪካ ዝፈረዩ ንብረት ክትሽምት ጸዊዑ ምህላዉ ይፍለጥ።



## ኢንዶነዥያ፡ ጃምላዊ ሃገራዊ መርመራ ጥዕና ጀሚራ

ኢንዶነዥያ፡ ዝቲጋታታ ዓመታዊ እተኻየደ ናጻ መርመራ ጥዕና ዝሓለፈ ሰኑይ ከምዝጀመረት፡ ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ገሊጹ።

እዚ 183 ሚልዮን ዶላር ባጀት ዝፈሰሶ ካብ ማእከላይ ንምንጋም ዕምሪ ደቂሰብ ንቕድሚት ኣብ ዘሎ ግዜያት ኪጋጥም ንዝኽእል ሞት ንምክልኻል ዝዓለመ ተበግሶ፡ ኣብ'ታ ሃገር ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተኻየዱ ተመሳሰልቲ ንጥፈታት ዝሰፍሐ ምዃኑ ተገሊጹ።

ብዝወሃበ ብመሰረት እቲ ወጻኢ ዘሎ መደብ፡ ኩሎም ኢንዶነዥያውያን ኣብ ዕለተ-ልደቶም ብናጻ መርመራ ክግበረሎም ዘፍቅድ ምዃኑ፡ እቲ ሚኒስትሪ ገሊጹ።

እቲ ግዜታዊ ዘይክነ መርመራ፡ ጸቕጢ ደም፡ ንሓደጋ ወቕዒን ድኻም ልብን ንምጉዳል ዝገበር መርመራ፡ ከምኡ'ውን መርመራ ዓይኒ ዘጠቓልል ምዃኑ'ውን እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ገሊጹ።

እቲ መደብ፡ ብትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት ከምዝጀምር ሚኒስተር ጥዕና እታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሙን ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ ነይሩ።

ኣብ'ታ ብዝለዋ ብዝሒ ህዝቢ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ እትርከብ ኢንዶነዥያ፡ ወቕዒ፡ ሕማም ልብን ዓሶን ዝኣመሰሉ ሕማማት ቀንዲ ጠንቂ ሞት ዜጋታት እታ ሃገር ምዃኖም፡ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ዳህላክ | 11/02/25 | ጎደና ገጀረት -751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565